# Das Hamburger Bildungspaket

Hamburg

ንኣብ **Hamburg** ዘለው ቆልዑን መንእሰያትን መንእሰያት ብጹሓትን እቲ ጥቕላል ትምህርትን ተሳተፎን **(BuT)** ይረብሕ እዩ።

ትቕበሉ ኣሎኹም ወይ መሰል ኣለኩም ናይ. . .

- ሓገዛት ብሕጊ SGB II (ገንዘብ ስራሕ ዘይብሎም II ወይ ገንዘብ ሶሸያል)
- ሓገዛት ብሕጊ SGB XII (ሓገዝ ሶሸያል ወይ መሰረታዊ ሓገዝ)
- ሓገዛት ኣብ ውሽጢ ሕጊ ሓገዝ ሓተቲ ዑቕባ
- ገንዘብ ምቕማጥ
- ተወሳኺ ገንዘብ ቆልዑ ብሕጊ ፌደራል ገንዘብ ቆልዑ

ሽዑ ንስኹም ወይ ደቅኹም ተወሰኽቲ ሓገዛት ክትቕበሉ ትኽእሉ፥

- መገሻታትን መዘወሪታት ምስ **Kitas**፣ ምስ ፐዳጎጊካዊ ምሳሕ፣ ክንክን መዓልቲ ቆልዑ ወይ ምስቲ ትምህርቲ
  እቶም ጭቡጥ ክፍሊታት ክኽፈለኩም እዮም። ገንዘብ ኢድ ኣይክኽፈለኩምን እዩ።
- ኣድላይነት ንብረት ትምህርቲ ንተመሃሮ
  ንንብረት ምምሃር ንቆልዑ ትምህርቲ ተወሳኺ ገንዘብ ብጥቕላላ 100 ኣይሮ ኣብ ዓመት ይኽፈል፣ ኣብ መጀመርያ ዓመት ትምህርቲ 70 ኣይሮ ከምኡ'ውን ኣብ ለካቲት 30 ኣይሮ።
- ክፍሊት ትራንስፖርት ተመሃሮ
  ኣድለይቶ ክፍሊታት ትራንስፖርት ናብ ትምህርቲ ክኽፈለኩም እዩ። ሕግታት Hamburg ናይ ውሳነታት ገንዘብ ትራንስፖርት ተመሃሮ ብቑዓት እዮም።
- ክንክን ምሳሕ ኣብ **Kitas**፣ ፐዳጎጊካዊ ምሳሕ፣ እቲ ክንክን መዓልቲ ቆልዑ ወይ ኣብ ትምህርቲ
  ክፍሊታት ምሳሕ ምግቢ ኣብ ትምርህቲ ንፍቃደኛታት ሓገዝ BuT ክኽፈሉ እዮም። ምሳሕ ምግቢ ኣብ Kita ኣብ Hamburg ንኩሎም ቆልዑ ብነጻ እዩ።
- ኣበርክቶ ምምሃር
  ተመሃሮ ተወሳኺ ኣበርክቶ (Nachhilfe) ብነጻ ይውሃቡ እዮም፣ ምብጻሕ ኣገደስቲ ዕላማታት ትምህርቲ ብገምጋም ናይቲ ትምህርቲ እንተ ደኣ ኣሸጋሪ ኮይኑ።
- ባህሊ፣ ሙዚቃ፣ ስፖርትን ንብረት ናውትን
  ምኽፋል ክፍሊት ኣባልነት፣ ክፍሊት ተሳትፎ ወይ ዚመሳሰለ ብዝለዓለ 10 ኣይሮ ኣብ ወርሒ ንሕብረተሰባውያን ባህላውያን፣ ሙዚቃውያን ወይ ድማ ስፖርታውያን ወፈያታት፣ ንንጥፈታት ነጻ ግዜ ወይ ምግዛእ / ምኽራይ ንብረት ናውቲ ንዚኣመሳሰሉ ንጥፈታት።

ፍልይ ዝበለ መሓበሪ ንተቐበልቲ ገንዘብ ምቕማጥን ተወሳኺ ገንዘብ ቆልዑን

ቅድሚ ምቕባል ሓገዝ ገንዘብ እቲ ሕጂ ዘለኩም ደብዳበ ብዛዕባ ገንዘብ ምቕማጥ ወይ ተወሳኺ ገንዘብ ቆልዑ ኣብ ናትኩም ተሓታቲ ቤትጽሕፈት ን መሰረታዊ ሓገዝን ሶሸያልን ወይ ሶሸያል ጨንፈር ኣገልግሎት ሓገዝ ኣቕሪብኩም ሃቡ ኢኹም።

እዚኦም ሓገዛት ኣበይ ዲኹም ትምዝግቡ?

ሓገዛት ንባህሊ፣ ሙዚቃን ስፖርትን ብምርኣይ ፍቃድ ደብዳበኹም ወይ ሓጺር መሓበሪ ደብዳበኹም ብቀጥታ ኣብ ወፋዪ ሓገዝ ትምዝገቡ። እቲ ክፍሊት ንምግዛእ ወይ ምኽራይ ንብረት ናውቲ ክትጥቐሙሉ እንተደሊኹም፣ ሓደ ፍልይ ዝበለ ምልክታ ብሓንሳብ ምስቲ ወፋዪ ሓገዝ ክትመልኡ ኣለኩም ከምኡ'ውን ብፖስታ ናብ Bezirksamt Eimsbüttel፣ Bildung und Teilhabe – Abrechnungsstelle፣ Grindelberg 62-66፣ 20144 Hamburg፣ ክትሰዱዎ ኣለኩም።

# Das Hamburger Bildungspaket

Hamburg

ሓገዛት ንኣድላይነት ትምህርቲ ኖርማል ኣውቶማቲክ ክትውሃቡ ኢኹም። ውላድኩም ትሕሪ 7 ወይ ልዕሊ 15 ዓመት እንተኾነ ወይ ገንዘብ ምቕማጥ ወይ ተወሳኺ ገንዘብ ቆልዑ ኣንተትወስዱ፣ እቲ ሓገዝ ኣቐዲምኩም ኣብ ዝምልከተኩም ጨንፈር ኣገልግሎት ክትምዝገቡ ኣለኩም፥

- እቲ Jobcenter (ንፍቃደኛታት ሓገዝ ብሕጊ SGB ll)
- ቤትጽሕፈት መሰረታዊ ሓገዝን ሶሽያልን ወይ ማእከል ኣገልግሎት ሶሽያል ኣብ ቦታዊ ቤትጽሕፈት (Bezirksamt) (ንፍቃደኛታት ሓገዝ ብሕጊ SGB Xll ወይ ብ AsylbLG ከምኡ'ውን ንተቐበልቲ ገንዘብ ምቕማጥን ተወሳኺ ገንዘብ ቆልዑን)።

እዚኦም ሓገዛት ብቀጥታ ኣብ ትምህርቲ ትምዝገቡ ኢኹም፥

- ክንክን ምሳሕ ኣብ ትምህርቲ
- ኣበርክቶ ምምሃር
- ክፍሊታት ትራንስፖርት ተመሃሮ

ክፍሊታት ንሓደ ወይ ዝያዳ መዓልቲ ዝኾኑ መገሻታት ምስ Kitas፣ ፐዳጎጊክ ምሳሕ፣ ኣብ ውሽጢ ክንክን መዓልቲ ቆልዑ ወይ ምስቲ ትምህርቲ እቲ ትካል ኣብ ሓደ ፎርም መረጋገጺ ክፍሊት ክፍርመልኩም ኣለዎ። እዚ ድማ ንዝምልከተኩም ጨንፈር ኣገልግሎት ሃቡ ኢኹም። ፍሉይ፥ ሓገዝ ፍቃደኛታት SGB ll ምልከታታት ናይ ሓደ መዓልቲ ዝኾኑ መገሻታት ኩሉ ግዜ ብቀጥታ ናብ Bezirksamt Eimsbüttel፣ Bildung und Teilhabe – Abrechnungsstelle፣ Grindelberg 62-66፣ 20144 Hamburg ክሰዱ እዮም።

ነቲ ነጻ ምሳሕ ምግቢ ኣብ Kitas፣ ኣብ ፐዳጎጊክ ምሳሕ ወይ ኣብ ክንክን መዓልቲ ቆልዑ እቲ ምዝጋበ ናይ ፍቓድ Kita-'ጉትሻይን' ኣብ ቦታዊ ቤትጽሕፈት ናይ ፍቃድ ደብዳበኹም ወይ ሓጺር ደብዳበኹም ኣቕሪብኩም ሃቡ።

ተወሰኽቲ ሓበሬታታት ኣብ ዝስዕብ ትረኽቡ

- ኣብ ትምህርትታት፣
- ኣብ ትሕቲ www.hamburg.de/bildungspaket
- ወይ ብተለፎን Hamburg ኣገልግሎት፣ ተለፎን 040 - 428 280